STOCKHOLMS KATOLSKA STIFT
*DIOECESIS HOLMIENSIS*

This is the Tigrignan translation of the Cardinal's letter for Lenten season
Translated by abba Haile Tesfamariam

# ናይ'ቲ ጓሳ ሓዋርያዊት መልእኽቲ  ንጾመ-ኣርብዓ
# ሓዋርያዊት መልእኽቲ ብጴዕ ካርዲናል ኣቡነ እንድርያስ ኣርቦረሊዩስ

ክቡራን ኣኃዋትን ኣኃትን ነበርቲ ካቶሊካዊት ሰበኻ ስቶክሆልም

ኣብ 3ይ መጽሓፍ ሙሴ (ዘሌዋውያን) እቲ ለምጺ ዝሓዞ ሰብኣይ፣ <ርኹስ ኢየ፣ ርኹስ ኢየ> ክብል ንስምዖ። ኩልና ብለመጺ ናይ ሓጢኣት ተለኺፍና ኢና። በዚ ከኣ፣ ዕቱብ ኣድላይነት ናይ ምንጻሕን ድሕነትን የድልየና። ከምዚ ቢልና ከሎና'ውን፣ ወላኳ ናይ ኢየሱስ ዘድኃንን ዘንጽሕን ፍቕርን እንተሎ፣ ገና ንድኻምነት ናይ ገዛእ-ርእስና ንምርኣይ ጸገም ኣሎና። ከምቲ ኢየሱስ ኣተንቢሁዎ ዘሎ፣ ብሳዕቤን ናይ ኣዳም ኃጢኣት፣ ንናይ ካልኦት ሰባት ኃጢኣት ጥራይ ዝቐለለ ግዜ ኣሎና።

ከምቲ (ማቴ.7፣3) ዝሕብሮ፣ ኣብ ዓይንኻ ዘሎ ጉንዲ ገዲፍካ፣ ኣብ ዓይኒ ናይ ካልኦት ሰባት ዘሎ በሰር ምርኣይ ይቐልል። ጾም ከስ፣ ንነፍስ-ወከፍና ኣባና ዝርከብ ጉንዲ ኃጢኣትና፣ ዑረትና ዓመት መጽአ ዝወሃበና ናይ እግዚኣብሔር ለጋስ ህያብ፣ እዚ ደረት ኣልቦ ኣድላይነት ናይ ምንጻሕ፣ ብጸጋ እግዚኣብሔር ምእንቲ ክንድሕን ኢዩ። ዓመት ዓመት ቅድስቲ ቤተ-ክርስቲያን ምእንቲ ክንሕደስ ቢላ፣ ነዚ ዘገርም ዕድል'ዚ ትህበና። ስለዚ ነቲ ናይ ፋሲካ ሓዲስ ሕይወትን ዝልውጠና ጸጋን ክንቅበል ንኽእል። ነዚውይ ምግንዛብ ሓደ ካብ'ቲ እግዚኣብሔር ዝህበና ዝዓበየ ጸጋታት ኢዩ። ብኃጢኣት ዓለምን ኃጢኣት ካልኦት ሰባትን ዝተደናገርናን ምኽን፣ ርሑቕ ኣየሰጉመናን ኢዩ። ኣብ'ዛ ዓለም'ዚኣ፣ ነቲ ትሑት ናይ ገዛእ-ርእስና ድኻምነትን፣ ካብ እግዚኣብሔር ዘርሕቀና በደልን ክንፈልጠሉ ትሕግዘና ቅድስቲ ኣላ፣ ቅድስቲ ተሬዛ በዓልቲ ኣቪላ ትበሃል። ንሳ ከምቲ ባዕላ ትብሎ፣ ኣዝያ ዝተፈልጠት ኃጥእ ብምንባራ፣ ንሕና'ውን፣ ነቲ ንሳ ትብሎ ዘላ ኣዝዩ ከድልየና ኢዩ። ገና ዓቢይ ናይ ንቕሓተ-ኅልና ዓቕን የድልየና። በዚ ጌርና ንናይ ኣምላኽ ምሕረትን፣ ነቲ እግዚኣብሔር ካባና ዝደልዮ ንምግባር ዘኽእለና ጸጋ የድልየና ኢዩ። ኩልና ነቲ ኣብ መዝሙር ዳዊት ዘሎ ንኣና ንዝወሃብ ብጽዕና ንምርካብ ንናፍቕ። <እቲ ኃጢኣቱ ዝተኃድገሉ ሰብ ብጹዕ ኢዩ።>(መዝ.32፣1) እዚ ዝሓጽብ ምሥጢር ክዉን ይኸውን። እግዚኣብሔር ኣብ ሕያዎትን ኃጥኣንን ጸሓዩ የብርቕ። እግዚኣብሔር፣ ነቲ ብኣምሳሉ ዝፈጠሮ የፍቅሮ ኢዩ። እንተኾነ ግን፣ ነቲ ብኃጢኣቱ ጸጋ ዘጥፍአን፣ ዝተወቅዔን ኃጥእ ሰብ፣ ከንጽሖን ከድሕኖን ይብህግ። ስለዚ ከስ፣ ነቲ ብዛዕባ ናይ እግዚኣብሔር ኩለንተናዊ ጠመተ ናይ ድሕነት ኢና ንዛረብ። ንሓደ ወዱ ናባና ብምልኣኽ፣ ምእንቲ ድኅነትና ኣብ ዕጸ-መስቀል ንክስዋዕ ብምፍቃድን ኩልና ኃጥኣን ክነስና፣ ናይ'ቲ ኣቦ ደረት ኣልቦ ፍቕሪ ንኣና ግሁድ ኮይኑ ተራእዩ። ሕያውነቱን፣ ቡራኬኡ ንኩልና ክበጽሓና ፈቒዱ። እወ መን ኢናን፣ እንታይ ጌርናን ብዘየገድስ፣ ብቀጻሊ ኣብ ነፍስ-ወከፍና፣ ነዚ ጸጋታትዚ ከፍስሰልና ይርከብ። እዚ ውርሻ ናይ ድሕነት፣ ዘንጽሕ ፍቕርን ቅድስቲ ቤተ-ክርስቲያን ትሰርዖን ትዕድሎን። ከምቲ ኢየሱስ ንስለ ኃጥኣንን ንሠሓኦምን ዝመጽአ፣ ቅድስቲ ቤተ-ክርስቲያን ከኣ፣ እታ ምሥጢራዊት ኣካል ክርስቶስ፣ ንኣና ንኃጥእን ንዝቖሰለት ንሱ ዝጥቀመላ መጋበሪ ጸጋን ቡራኬን ዓለምን ኢያ። ኣብዚ ሓደ'ኳ፣ ይግበኣኒ ኢዩ ዝብሎ ዘይኮነ፣ ጸጋ ጥራይ ኢዩ። <ኩሉ፣ ጸጋ ኢዩ።> ትብል ቅድስቲ ተሬዛ ዘኢየሱስ ሕጻን።

ቀደም፣ ሰባት ንብዝኂ ጸጋ ንምርካብ ከመልክቱ ክብሉ ብዝኂ ኃጢኣት ከምዘድሊ ይዛረቡ ኔሮም። ስቓይ ጸጋ ይኸውን ኢዩ። ሓንቲ ንእሽቶ ፈደል ንብዙሕ ነገራት ክትልውጥ ትኽእል ኢያ። ብጸጋ ስርሓና'ሞ፣ ንስኻ ኣባና ክትነብር ኢኻ። ስለዚ ሎሚ ሓባራዊ ጸሎት ጸሊና ኢና። ኩሉ ሕይወትና ብሙሉኡ ኣብ መሥርሕ ናይ ለውጢ

ዘሎ ምኺኑ ርኢና። ብደረት አልቦ ትዕግሥቲ፣ እግዚኣብሔር ጸጋታቱን ቡራኬኡን ይህበና፣ ቀስ ብቐስ ከኣ፣ መሕደሪኡ ንኸውን። ብምሥጢረ-ጥምቀት ነዚ አዕብዩዎ ኢዩ። በዚ ከኣ፣ ቤተ-መቕደስ ናይ ቅዱስ መንፈስን፣ ቅድስቲ ሥላሴ ብሓቂ ዝነብሩዋ ታቦት ኮይንና ኢና። እዚ ሓደ ካብቶም ናይ እምነት ሕንቅልሕንቅሊተይ (ንምርድኡ ዘጸግም) ኢዩ። እግዚኣብሔር አባና ብዙሕ እምነትን ፍቕርን አለዎ፣ ካብ ጥንቲ/ፈለማ/ አትሒዙ ነቲ ክንሓስቦ ንእንኽእል ዘይስሩዕ ስእለ-አእምሮና ስዒሩ፣ ዓቢይ ክብሪ ሃበና። እዚ ከኣ ቅዱሳን መንበረ-ልዑል ፈጣሪ (ቤተ-መቕደስ) ንክንከውን ብማለት ኢዩ።

ቅድስቲ ቤተ-ክርስቲያን ብቀጻሊ ከም አፍቃሪትን ሕያወይትን አደ፣ ንቅድስና ከምዝተጸዋዕና ተዘኻኽረና። ከምቲ አብ ቅዱስ ወንጌል እቲ ለምጻም ኩልና <ፍቓድካ እንተኮይኑ፣ ክተንጽሓኒ ትኽእል ኢኻ።>(ማር.1፣40) ብምባል ክንምብርከኽን ክንጽልን አሎና። ንሕና ንጹሓንን ቅዱሳንን ክንከውን ዝለዓለ ድሌት ናይ ጎይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ምኺኑ። ብእምነትነና ኢና ንፍለጥ። እዚ ተግባራዊ ንምግባር ጸጋታቱ ምቕባል፣ ሕግታቱ ምኽታል ንሱ ክልውጠና ስንድዋት ክንከውን የድልየና። ቀሊል ይመስል፣ እንተኾነ ግን፣ *ደምን *ርሃጽን *ንብዓትን የኽፍለና ኢዩ። ኃጢኣት ካብቲ ዝህልዋ ሓይሊ፣ ናጻ ብምግባር ክትለቀና አይትፈቅድን ኢያ። ብሙሉኡ ናይ ቅድስቲ ቤተ-ክርስቲያን ሓዋርያውን እናታውን ኃልዮት ንኣና ዝወሃብ ጸጋን ቡራኬን እግዚኣብሔር ዝሓዘ ኢዩ። ንቅዱስ መንፈስ አባና ንክህሉ ፍቓድ ክንህቦ የድሊ። በዚ ከኣ፣ ኩሉ ግዜ ናይ ውሽጣዊ ግላዊ መሥርሕ ሕይወት ኢዩ። ብዘይካ'ዙይ ንካልኦት ሰባት ክንልውጥ አይንኽእልን። ቀስ ብቐስ፣ ብደገፍ ጸጋ እግዚኣብሔር ንገዛእ-ርእስና ክንልውጥ ንኽእል። በብቁርብ ከኣ፣ እዛ ለውጢ'ዚኣ ነቲ ጽልሙት ኩነተ-ኃጢኣትና፡ ካብ ኩሉ ስስዕትናን ርእሰ-ፍቕርና ኢያ ተርሕቐና። በብቁሩብ ከኣ፣ ገዛእ-ርእስና ነቲ ብርሃን - ብርሃን ሓዲስ ሕይወትን ትንሳኤን ልብና ክንከፍት ንኽእል። ሕጂ'ውን በብቁሩብ ጸልማት ኃጢኣት ካባና ይፍለ ክፉእ ከኣ ይጠፍእ። ኢየሱስ ብቀጻሊ <*ፍቓደይ ኢዩ ንጻሕ - ንጽሒ*> ክብል ኢዩ ዘተባብዓና።(ማር.1፣41)

ንሕና አብቲ ጽንኩር ጉዕዞ ቅድስና፣ ብቀጻሊ ጸጋ ናይ እግዚኣብሔርን፣ ቡራኬ ቅድስቲ ቤተ-ክርስቲያንን፣ እናታዊ ሓገዛን አማልድነት እ.ማርያምን ቅዱሳንን የድልየና። ብቀጻሊ አብ ትሕቲ'ታ ጸግዒ ኃጥኣን ዝኾነ እ.ማርያም ክንምዕቆብ አሎና። ንሳ ኩሉ ግዜ ርስሓት ዘይብላ ንጽሕትን ብኃጢኣት ዘይተለኽፈትን አደ ኢያ። አብኣ እቲ ብፍጹም 'ካብ ኃጢኣት ናጻ ምኺን' ዝብል ሓሳብ ክንረኽቦ ንኽእል። ከም አደ ቤተ-ክርስቲያን ምኺና፣ ንኩልና ክትሕግዘናን አብ ውሽጢ ቤተ-ክርስቲያን ብመንገዲ ቅድስና ክንጎዕዝ ኢያ ትደሊ።

ኩልና አባላት ቅድስቲ ቤተ-ክርስቲያን ካብ መሪር ተመክሮና፣ ብዘይካ እ.ማርያም ኩልና ኃጥኣን ኢና። ናይ ባዕልና ኃጢኣት ንጽባቖ ቅድስቲ ቤተ-ክርስቲያን ብምጽልማቱ፣ ንሳቖ ኢና። እቲ ናብ ኩሎም እቶም ብሁከትን፣ ብናይ ዓለም ውግእን ዝሳቐዩ ወገናትን ንመልእኽቲ ድኅነት ነመሓላልፍ። ስለዚ ንቅ.ድንግል ማርያም አደና አማልድነታ ደገፋ ንሓትት። በዚ ከኣ፣ ብቅዱስ ሕይወት ንኢየሱስ ወዳ ብምኽታልን፣ ንካልኦት ሰባት ናብ ጸጋ እግዚኣብሔር ክፉታት ንክኾኑ ክንሕግዞም ንኽእል ኢና።

ነፍስ-ወከፍ ግዜ፣ ቡራኬ ንቕበል ኢና፣ ነቲ ንቅድስቲ ሥላሴ እቲ ሕይወቱ ንኣና ዘካፈለ እግዚኣብሔር ንክንምብርከኽን ሕይወትና ክነሕድስን ንኽእል። እምበኣር፣ ንኩሉ ኃጢኣት ዝበሃል፣ ካብ ኃጢኣት ንምእላይን፣ አብ ኩሉ ቦታን ኩሉ ግዜን ብታሕዓስን ብምስጋናን ንኢየሱስ ክርስቶስ ንምኽታልን፣ ንምፍቃርን ንምምስጋንን ክትክእሉ፣ ንኩልኻትኩም እጽልየልኩምን እባርኸኩምን።

+ አቡነ-እንድርያስ አርቦረሊዩስ

ስቶክሆልም 2 የካቲት 2024 ፈረ.

ተርጓሚ፣- አባ ሃይለ ተስፋማርያም (ውመ)